TIG

# CPAS / OCMW

## ህጹጽ ሕክምናዊ ሓገዝ ብኸመይ ከም እትሓትት (ሕጋዊ መንበሪ ፍቓድ ንዘይብሉ ሰብ ዚወሃብ ሕክምናዊ ረድኤት)?

### ህጹጽ ሕክምናዊ ሓገዝ ኣበይ ክትሓትት ከም ትኽእል?

ኣብቲ መብዛሕትኡ ግዜ እትነብረሉ ኸባቢ (ማለት ኣብቲ እትነብረሉ ከባቢ) ዝርከብCPAS ህጹጽ ሕክምናዊ ረድኤት (Aide Médicale Urgente, ብፈረንሳይኛ ) ንምርካብ ክትምዝግብ ኣሎካ።

CPAS ብፈረንሳይኛ ኣሕጽሮ ቃላት ኮይኑ ክዝርዝር ከሎ "ህዝባዊ ማእከል ማሕበራዊ ረድኤት" ማለት እዩ። ብኔዘርላንድስ ከኣ OCMW ይብሃል። ኣብ በልጂም ሓንቲ CPAS ኣብ ነፍሲወከፍ ከባቢ ኣሎ። ኣብ ዞባ ብራስልስ 19 ከባቢታት ኣለዋ።

- ግዳም ሓደር ኢኻ? ስለዚ ኣብቲ ዝበዝሐ ግዜኻ ትሕልፈሉ ከባቢ ዝርከብ CPAS እዩ ንሕቶኻ ብሓላፍነት ዚሕተተሉ። እንተ ዘይበሪህልካ፥ ኣብታ ኣቐዲማ ዝነበረት ለይቲ ዘሕለፍካዮ ክባቢ ዝርከብCPAS ኽትሓትት ትኽእል።
- CPAS ንገዛእ ርእሱ 'ብቑዕ ከም ዘይኰነ' እንተ ኣዊጁን ንሕቶኻ ምሓዝ እንተ ኣብዩን፣ ናይ ግድን ናይ መረጋገጺ ቕብሊት ክህበካ ኣለዎ (ማለት ሕቶ ኸም ዘቕረብካ ዜርኢ መርትዖ)። ቅዳሕ ናይዚ ቕብሊት እዚ ኣብ ውሽጢ 5 መዓልቲ ናብቲ ኣድላዩ CPAS ኽልእኽ ኣለዎ።

### መዓስ ህጹጽ ሕክምናዊ ሓገዝ ክትሓትት እትኽእል?

ዚከኣል እንተ ኾይኑ ቅድሚ ሕክምና ናብ CPAS ኽትከይድ ኣለካ። ኩሎም CPAS ኣቐዲሞ ፍቓድ ናይ ሕክምናዊ ረድኤት ከምዘድሊ እንተ ዘይተሓቢርዎም ዳርጋ ኹሉ ሳዕ ናይ ሕክምና ወጻኢታት ምኽፋል ኣየፍቕዱን ኢዮም።

- ኣብ እዋን ህጹጽ ረዲኤት፥ ድሕሪ ሕክምና ብእተኻእለ መጠን ቀልጢፍካ ንCPAS ሓብር። ኣንተ ድኣ ኣብ ሆስቲታል ኽትሕከም ኣደቂሶምኻ፣ ብእተኻእለካ መጠን ነቲ ናይቲ ሆስፒታል ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንCPAS ክሕቡሩልካ ሓብሮም።

### ማሕበራዊ ሕቶታት

ሕቶኻ ምስ ተጀመረ፡ እቲ CPAS ቅብሊት ግድን ክህበካ ኣለዎ ። እንተዘይኮይኑ፡ ባዕልካ ክትጠልብ ኣሎካ።

እቲ CPAS ድሕሪኡ ምስ ናይ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ቜጸራ ኺግበረልካ ሓሳብ ኬቕርብ እዩ። እዚ ቖጸራ ሽው ወይ ድሕሪ ዝተወሰነ መዓልትታት ክግበረልካ እዩ።

ኣብቲ ናይ ቜጸራ ግዜ, ኩነታትካ ክትገልጽ ትኽእል። እቲ ናይ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ሕቶታት ኽሓተካን ኣገዳሲ እንተ ኮይኑ ከኣ ገለ ሰነዳት ክተቕርብ ክሓተካ ይኽእል እዩ።

እቲ ናይ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ገዛኻ እውን ክበጽሓካ ኣለዎ።

▶ ኩሉ CPAS ብሓፈሻ ኩሉ ግዜ ናብ ገዛ ምብጻሕ ይገብሩ፡ ይኹን እምበር ንሕክምናዊ ረድኤት፣ እዚ ግዴታ ኣይኮነን። ኣብ መንበሪኻ ንናይ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ክትእንግድ ዘይትኽእል እንተኮንካ፣ ብዝግባእ ምኽንያት ነቲ ናትካ ናይ ማሕበራዊ ሰራሕቴኛ ኽትገልጸሉ ኣለካ።

ማሕበራዊ ሕቶታትኻ ምስ ተወድአ፣ እቲ ናይ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ጸብጻቡ ናብቶም ጉጅለ ሰራሕተኛታት ናይ CPAS ኸረክቦ እዩ (ማለት ዋዕላ ወይ ኮሚተ), ንሳቶም ሓላፍነት ኣብ ውሳኔ ምሃብ ኣለዎም። እዞም ጉጂለ ሕክምናዊ ሓገዝ ይግባኣካን ኣይግባኣካን ውሳኔ ይህቡ።

---

## ውሳኔ ናይ CPAS

እቲ CPAS ውሳኔኡ እንተነውሐ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲታት ድሕሪቲ ሕቶ ዝቐረበሉ ይህብ። ብድሕሪኡ ነቲ ወግዓዊ ውሳኔ ይሕብረካ ወይ ብደብዳቤ ይልእከልካ።

ሕቶኻ ቅቡል እንተኮይኑ፣ እቲ CPAS ፍቓድ ናይ ሕክምናዊ ሓገዝ ክህበካዩ፣ ንኣብነት

እዚ ዝስዕብ ነጥብታት ተዓዘብ፣

- ወይ ‘réquisitoire’ (ቅብሊት ናይ ሕክምናዊ ምኽሪ ወይ መድሃኒት) ።
- ወይ ‘ናይ ሕክምና ካርዲ’, ንሒደት መዓልትታት ሰሙናት ወይ ኣዋርሕ ምስ ሓኪም ወይ ፋርማሲስት ንምርካብ ዘገልግል።
- ወይ ከኣ “Mediprima መለለዩ ሰነድ" ቁጽሪ ዘለዎ ኣብ ሕክምና ናይ መሐከሚ ኣገልግሎት ክትረክብ ዝሕግዝ።

ሕቶካ እንተ ተነጺጉ፣ ንናይ ማሕበራዊ ሰራሕተኛካ ወይ ጠበቃ ከማኹርካ ክትሓትት ትኽእል። ንሳቶም ከኣ ንCPAS ደጊምኻ ንክትውከስ ምኽሪ ወይ ከኣ ናብ ቤት ፍርዲ ጥርዓንካ ከመዝግቡልካ እዮም።

▶ መጠን ንውሓት ግዜ ናይ ይግባይ ኣብ ቤት ፍርዲ 3 ወርሒ እዩ!

---

እዚ ፎርም እዚ ብMedimmigrant ASBL ተዳልዩ. ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ’ዚ ኣርእስቲ : ነዚ ዝስዕብ ተኸተል

ኣብ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻና ተወከስ : **www.medimmigrant.be**

ሕቶታትካ ብኢ-መይል ሕተት : **info@medimmigrant.be**

ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታትና ናብ ቤት ጽሕፈትና ተሌፎን ደውለልና:

**02/274 14 33** ወይ **0800/14.960** (ትሑት ኣታዊ ንዘለዎም ወይ ንዘይብሎም ሰባት ብናጻ)

> ሶኒ, **10 AM – 13 PM** | ሰሉስ, **14 PM – 18 PM** | ሓሙስ, **10 AM – 13 PM** | ዓርቢ, **10 AM - 13 PM**

*Fለካቲት 2020*